UNIVERSITÄTS-
KINDERSPITAL
ZÜRICH

ሓበሬታ ንወለዲ

# መጉዳእቲ ቖርበት



Das Spital der
Eleonorenstiftung

# መጉዳእቲ ቖርበት

## ሓፈሻዊ:

ንደጋዊ ኣካል ዝሃስዩ ሓደጋታት (መድመይቲ: ምልሕጻጽ) መብዛሕትኦም ኣብ ቖልዑ ይርኣዩ። በላሕቲ ነገራት ሓደ ሳዕበን ናይ መድመይቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ዕላማ ምሽፋን ዝተጎድኤ ኣካል፡ ካብ በከልቲ ነገራት ንምክልኻል፡ ጽረቱ ንምሕላውን ዝተጎድኤ ኣካል ብዝከኣል ምሽፋኑ ንከሓዊን ብዝቀልጠፈ ግቡእ ስሩሑ ንምጅምርን ይሕግዝ።

ኮይኑ ግን ዳርጋ ኩሎም ቑስልታት ወይ መጉዳእትታት ምስ ሓወዩ በሰላ ይገድፉ እዮም (ብዘይካ ቀለልቲ መድመይቲ ወይ ልሕጻጻት)። ብሕክምናዊ ክንክን ዘይጽለዉ ብዙሓት ረቓሒታት ምስ እዚ ብዝተኣሳሰር ብዙሕ ተራ ይጻወቱ እዮም። ኮይኑ ግን እቲ ቁስሊ ገፊሕ ከፉት ምስዝህልዎ፡ ረሳሕ ምስዝከውን ወይ'ውን ዕምቖት ማህሰይቲ ምስዝህልዎ፡ ኸምዚ ዝኣመሰለ ቁስሊ ብዶክተር ምክትታል ክግበረሉ ኣገዳሲ እዩ።

## ረኽሲ

ኣብ ቖርበትና ብተፈጥሮ ባክተሪይ ኣለዉ። ምስ መጉዳእቲ ወይ ምልሕጻጽ ውሽጢ በሲያም ብምእታው ረኽሲ ከስዕቡ ይኽእሉ። ቁስልታት ብእንስሳ ወይ ፈሳሲ ዘለዎ ኣካላት ወዲ ሰብ ምስ ዝትንከፉ ብጣዕሚ ረሳሓትን ንረኽሲ ዝተቃልዑን ኣዮም። ከምዚኦም ዓይነት ቁስልታት ብቀጻሊ ኣጸቢቖም ክጸርዩ ክኽእሉ ኣለዎም።

ብዘየገድስ ኣንጻር ረኽሲ ንወስዶም ስጉምትታት፡ ረኽሲ ቁስሊ ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ሓደጋ ዝርኤ ተርእዮ እዩ። ምልክታት ረኽሲ ከባቢ ናይቲ ቁስሊ ይቅይሕ፡ ቃንዛን ሕበጥ ከባቢ ቁስልን እዮም። ፡ ምንዛዕ ሙግሊ ብዝኾነ መገዲ ዘይተርፍ ተርእዮ እዩ።

## ክታበት

ተታኑስ (Tetanus) ዝበሃል ባክተሪይ ኣብ ኩሉ እዩ ዝርከብ። ብዝተቀደ ኣካል ወይ ቖርበት ብምእታው ተታኑስ ዝበሃል ረኽሲ የስዕብ፡ እዚ ኸኣ መብዛሕትኡ ግዜ ሳዕበን ሞት ናይ ዘይተኸትቡ ወይ ምሉእ ክታበት ናይ ዘይወሰዱ ሰባት ይኸውን። እዚ ኸኣ ሓደ ምኽንያት እዩ፡ ሓደጋ ምስ ተረኽበ ዝተወሰደ ክታበት ከምዝሰርሕን ዘይሰርሕን ምቁጽጻርን ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ንዝተወሰደ ተታኑስ ዘበራትዕ ክታብት ምሃብን። ግዳያት ጠቕላላ ዘይተኸትቡ ወይ ሙሉ ክታበት ዘይወሰዱ ምስ ምስዝኾኑ (4 ክታበት ተታኑስ) ኣንጻር ተታኑስ ዝበሃል ረከሲ ወይ'ከኣ እታ ናይ መጨረሻ ክታበት ቅድሚ ሓምሽተ ዓመት ዝተወሰደት ምስ ዝኸውን ከም ካልኣይ ክኽተብ ይግባእ።

**ልሕጻጽ:**

እዞም መጕዳእትታት ወይ ቁስልታት ኣዚኦም ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ቖርበት ዝፍጸሙ ሓደጋታት ብምኻኖም ጫፋት እቲ ቁስሊ ምክንካን ብፕላስተር ምሽፋንን ኣኻሊ እዩ።

**ከፋት ዘለዎም መጕዳእትታት:**

እዚኦም ቁስልታት እዚኦም ብዶክተር ክንክን ክግበረሎም ኣለዎም። እንተደአ ንሳቶም:

… ልዕሊ 1-2 cm ከፋት ሃልዩዎም።

…ዕምቖት ወይ'ከኣ ስፍሓት ዘለዎም ምስዝኾኑ(ጫፋት ቁስሊ ገለ ሰንቲመተር ግፍሓት ምስ ዝህልዎ)

… ረሳሓት ምስዝኾኑ

…. ናይ ገጽ መጕዳእቲ ምስዝኸውን

እንተዘይ ኮይኑ ግን (ኣብነት Merfen®, Betadine®, Octenisept® ዝበሃሉ መድሓኒታት) ብምግባር መሸፈኒ ፕላስተር ምሽፋኖም ኣኻሊ እዩ።

**ምክትታል**

ኣቀዲምካ ንዝገበርካዮ ናይ ፍወሳ መስርሕ ቁስሊ ውላድካ ኩሉ ብግልጺ ንዶክተር ሓብር። ብሓፈሻ ቁስሊ ኣብ ናይ መጀመርታ መዓልታት ብዙሕ ጠሊ ክህልዎ የብሉን። መሸፈኒ ፕላስተር ኣብ ውሽጢ 5 – 7 መዓልቲ ምልጋስ ይከኣል፡ ኣብ ውሽቲ እዘን ዝተጠቕሳ መዓልታት መሸፈኒ ፕላስተር ጠሊ ክህልዎ የብሉን። ዝተሰፍየ ቁስሊ ኣብ ውሽጢ 5 – 14 መዓልቲ ክፍታሕ ይኽእል(ኣብ ኩነታት ቁስሊ ይምርኮስ)። ጥንቃቀ ዘድልዮም ዝተሰፍዩ ቁስልታት ፍሉያት እዮም።

ዘተሰፍየ ዝፍተሓሉ ዕለት: ________________

ሓኪም ኮንትሮል ዝገብረሊ ዕለት: ________________

ምህጻብ ኣይፍቀድን/ነብሲ ምሕጻብ የለን/መሸፈኒ ቁስሊ ክጠልል የብሉን ክሳብ: ________________

ተወሳኺ ክፍለጥ ዘለዎ ጉዳይ፡ እዞም ቁስልታት ኣዚኦም እንተወሓደ ን 6 ወርሒ ካብ ናይ ጸሓይ ብርሃን ክንከላኸለሎም (ብናይ መከላከሊ ጸሓይ ኪሬም ወይ ክከደን) ይግባእ።

**University Children’s Hospital Zurich Accident & Emergency Department**

Consultation telephone: +41 58 387 78 80

# ምስ ቁስሊ መዓስ ናብ ሓኪም ንኺይድ?

- እቲ ቁስሊ ብናይ እንስሳ ወይ ሰብ ማህረምቲ ምስዝኸውን።
- ስፍሓት ቁስሊ ዓቢን ዓሚቑን ምስ ዝኸውንን ከምኡ'ውን ርስሓት ምስ ዝህልዎን።
- ቁስሊ ኣብ ገጽ ምስዝኸውን።
- እቲ ቖልዓ ኣንጻር ተታኑስ ዘይተኸትበ (ኣቀዲሙ ዘይተኸትበ ወይ'ከኣ ትሕቲ 4 ናይ ተታኑስ ክታበት ዝወሰደ ወይ'ውን ናይ መጨረሻ ክታበት ቅድሚ 5 ዓመት ዝወሰደ) ምስዝኸውን።
- ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ከባቢ ቁስሊ ምስ ዝቅይሕን ዝሓብጥን፡ እቲ ቆልዓ ቃንዛ ምስ ዝሕልዎን ብዝኾነ ምኽንያት ረስኒ ምስ ዝገብረሉን።
- ኣቲ ቆልዓ ድሕሪ ሓደጋ ኣብ ከባቢ ዝተጎድኤ ኣካል ቃንዛ ምስ ዝህልዎን።
- ብዝተፈላለየ ካልእ ምኽንያታት ብውላድካ ምስ ትጭነቅን።

© Emergency Team, University Children's Hospital Zurich, October 2009

UNIVERSITÄTS-
KINDERSPITAL
ZÜRICH

*Das Spital der Eleonorenstiftung*

Universitäts-Kinderspital Zürich
Lenggstrasse 30
CH-8008 Zürich

www.kispi.uzh.ch
Telefon +41 44 249 49 49